Washington State Department of CHILDREN, YOUTH & FAMILIES

# ንመጀመሪያ እዋን ናይ ዝግበር ፍተሻ/ገምጋም መዘኻኸሪን ፍቓድን

## Notice and Consent for Initial Evaluation/Assessment

**ዕላማ፥** ናይ መጀመሪያ እዋን ፍተሻ/ገምጋም ክምስራሕ ከሎ ኣቐዲሙ ዝወሃብ ናይ ጽሑፍ መዘኻኸሪ ነቶም ወላዲ(ወለዲ) ምሃብን ነቲ ዝቐረበ ናይ መጀመሪያ እዋን ፍተሻ/ገምጋም ንምግባር ድማ ናይ ወለዲ ፍቓድ ምርካብን።

| **ስም ህጻን** | **ዕለት ልደት** | **ኣወሃሃዲ ስድራቤታዊ ሃፍትታት** |
|---|---|---|
| | | |

### ናይ'ቲ መዘኻኸሪ ምኽንያት

እቲ መደብ ESIT ነቲ ናይ መጀመሪያ እዋን ፍተሻን ገምጋምን ስራሕቲ ቕድሚ ምጅማሩ ርትዓዊ ኣብ ዝኾነ ግዜ ኣቐዲሙ ዝወሃብ ናይ ጽሑፍ መዘኻኸሪ ክህበኩም ይሕተት። እዞም ስራሕቲ መታን ክግበሩ ኣብ ታሕቲ ብምፍራም ብመረዳእታ ዝተደገፈ ናይ ጽሑፍ ፍቓድኩም ክትህቡ ኣድላዪ እዩ። ናይ'ዚ ፍተሻን ገምጋምን ዕላማ ብዛዕባ ውላድኩም ካባኻትኩምን ንኽሳተፉ ካብ ዝሓተትኩምዎም ካልኦት ሰባትን ሓበሬታ ምርካብ፤ ብዛዕባ ዕብየት ውላድኩም ተወሳኺ ሓበሬታ ንስድራቤትኩም ምሃብ፤ ፍሉይ ጥንካረታትን ጠለባትን ውላድኩም ከምኡ'ውን ነዞም ጠለባት ንምምላእ ግቡእ ክኾኑ ዝኽእሉ ኣገልግሎታትን ምልላይ፤ ውላድኩም ንመደብ ESIT ብቑዕ እንተኾይኑ ምውሳን፤ ከምኡ'ውን ውላድኩም ብቑዕ እንተኾይኑ፡ ብናትኩም ስምምዕን ተሳትፎን ብውልቃዊ ብርኪ ዝተዳለወ ኣገልግሎት ውጥን ስድራቤት (IFSP) ብጽሑፍ ምድላው። እዚ ናይ'ቲ መዘኻኸሪ መግለጺኹም እዩ።

> *"ፍቓድ" ማለት፥ (1) ነቲ ፍቓድ ዘድልዮ ንጥፈታት ዝምልከት ኵሉ ሓበሬታ ብናይ መበቈላዊ ቋንቋኹም (ከምኡ ምግባር ዘየዋጽእ ምኳኑ ንጹር እንተዘይኰይኑ) ወይከኣ ከከም'ቲ ዝግባእ ንቋንቋ ምልክት፡ብሬል፡ ወይከኣ ቃላዊ ርክብ ሓዊሱ፡ ብካልኦት መንገዲታት ርክብን ምሉእ ሓበሬታ ረኺብኩም ኣለኹም ማለት'ዩ፤ (2) እቲ ፍቓድ ዘድልዮ ንጥፈታት ከም ዝግበር ተረዲእኹምን ብጽሑፍ ተስማሚዕኹምን ኣለኹም ማለት'ዩ፤ (3) እቲ ፍቓድ ኣይናይ መዛግብቲ ቅድመ-ምትእትታው (ዘሎ እንተኾይኑ) ከም ዝልቀቕ ከምኡ'ውን ንመን ከም ዝልቀቕ ዝገልጽ እዩ፤ ከምኡ'ውን (4) ነቲ ፍቓድ እትህቡ ብወለንታኹም ከምዝኾነን ኣብ ዝኾነ ግዜ ድማ ብጽሑፍ ክተቋርጹዎ ከም እትኽእሉን። ነቲ ፍቓድ እንተቋሪጽኩምዎ ምስ ናይ ሕሉፍ እዋናት ዝረኻኸብ ኣይኰነን (ነቲ ፍቓድ ቅድሚ ምቁራጽ ንዝተገበሩ ዝኾኑ ስጉምትታት ዝምልከት ኣይኰነን።)*

### እቲ ዝቐረበ ስጉምቲ

እቲ ፍተሻን ገምጋምን ብመሰረት ፖሊሲታትን ኣሰራርሓታትን ESIT፡ እንተወሓደ ካብ ዝተፈላለዩ ስነ-ሞያታት ብዝመጹ ክልተ ብቑዓት ውልቀሰባት (ወይከኣ ክልተ ስነ-ሞያታት ብዘለዉዎ ሓደ ብቑዕ በዓል ሞያ) ክግበር እዩ። ከም ኣካል'ቲ ጉጅለ ገምጋም እትገብሩዎ ተሳትፎ ኣዝዩ ዝተባባዕ እዩ። ውላድኩም ኣብሊጽኩም እትፈልጡዎ ንስኻትኩም ከም ምኳንኩም ብዛዕባ ውላድኩም ኣገዳሲ ሓበሬታ ክትህቡ ትኽእሉ ኢኹም። እቲ ፍተሻን ገምጋምን ውላድኩም ኣብ ናይ ተገንዝቦኣዊ፡ ግሮስ ሞተር፡ ፋይን ሞተር፡ ርክብ፡ ማሕበራዊ-ስምዒታዊ ከምኡ'ውን ናይ ተለማማዳይነት ዕብየት መዳያት፡ ብተወሳኺ ድማ ኣብ ምርኣይን ምስማዕን ከመይ ከም ዘሎ ዝገልጽ ሓፈሻዊ ኣረኣእያ እዩ። እቲ ውጽኢታት ውላድኩም ኣብ'ዚኦም መዳያት ከመይ ከም ዘሎን ኣብ ኣገልግሎታት ESIT ንኽሳተፍ ብቑዕ ምኳኑ ወይ ዘይምኳኑ ይጥቀሙ።

### መግለጺ

ኣብ'ቲ ዝቐረበ ገምጋም ናይ ገምጋም መሳርሒታት ምትግባር፡ ናይ'ቲ ህጻን ታሪኽ ምውሳድ፡ ንወላዲ(ወለዲ) ቓለ-መሕተት ምግባር፡ ካብ ካልኦት ኣባላት ስድራቤት፡ ወሃብቲ ክንክን፡ ሰብ ሞያ ሕክምናን ካልኦት ሞያታትን ሓበሬታ ምእካብ ከምኡ'ውን ናይ ሕክምና፡ ትምህርቲ ወይከኣ ካልኦት መዛግብቲ ምግምጋም ሓዊሱ ብዙሓት ስራሕቲ ከካትት እዩ። እቲ ዝቐረበ ኣሰራርሓታት ገምጋም ናይ ውላድኩም ፍሉይ ጥንካረታትን ጠለባትን ከምኡ'ውን ግቡእ ዝኾነ ኣገልግሎታት ቅድመ-ምትእትታው ጣልቃ ምእታው ክውስን እዩ። እቲ ገምጋም፥ ናይ'ቲ ገምጋም ኽለሳ፤ ናይ'ቲ ህጻን ውልቃዊ ትዕዝብትታት፡ ወግዓውን ዘይወግዓውን መስርሓት ገምጋም ብምጥቃም እቲ ህጻን ኣብ ነፍስወከፍ ዕብየታዊ መዳያት ዘለዎ ጠለባት ምልላይ ከካትት እዩ። ወሃብቲ ኣገልግሎት ESIT ነዚ ፍተሻን ገምጋምን ንምግባር ዝጥቀሙዎ ሜላታት ብዝምልከት ከዘራርቡኹም እዮም። እቲ ፍተሻን ገምጋምን ገለ ክፍሊት ከይከፈልኩም ዝወሃበኩም እዩ። እቲ ውጽኢታት ኣብ ናይ ውላድኩም መዛግብቲ ቅድመ-ምትእትታው ክዕቀብ እዩ። ንስኻትኩም ፍቓድኩም ብጽሑፍ እንተዘይ ኣቕሪብኩም፡ ብዛዕባ'ቲ ፍተሻ/ገምጋም ካብ'ቲ መደብ ESIT ወጻኢ ንዝኾነ ሰብ ወይከኣ ኤጀንሲ ኣይካፈልን እዩ። እቲ ጉጅለ IFSP ነቲ ናይ ብቑዕነት ውሳነ ናይ ምቅዋም መሰልኩም ሓዊሱ፡ ናይ ጽሑፍ መዘኻኸሪ ዝህበኩም ኰይኑ፡ ውላድኩም ብቑዕ ይኹን ኣይኹን እውን ክውስን እዩ።

| |
|---|
| |

### ሰሌዳ ግዜ

*ውላድኩም ናብ መደብ ESIT ዝተወከሰሉ ዕለት።*

ብዙሕ ሞያታት እታ ዘካተተት ጉጅለ ፍተሻ/ገምጋም እትዛዝም እንትኾን፡ ውላድኩም ብቑዕ እንተኾይኑን ንስኻትኩም እንተተስማሚዕኹምን፡ እቲ ብውልቃዊ ብርኪ ዝተዳለወ ኣገልግሎት ውጥን ስድራቤት (IFSP) ውላድኩም ካብ ዝተወከሰሉ ዕለት ኣትሒዙ ኣብ ውሽጢ 45 መዓልትታት ካላንደር ክዛዘም ኣለዎ። ስድራቤትኩም ካብ 45 መዓልትታት ንላዕሊ ዘድልዮ እንተኾይኑ ንናትኩም ኣወሃሃዲ ስድራቤታዊ ሃፍትታት ምንጋርኩም ኣገዳሲ እዩ። እቲ IFSP ማለት ናይ ውላድኩምን ስድራቤትኩምን ቐጻሊ ጠለባት ንምምላእ ምስ ስድራቤትኩምን ሰብ ሞያን ብሓባር ብምኳን ተማዕቢሉ ብጽሑፍ ዝተዳለወ ውጥን እዩ። ኣብ ዝኾነ ግዜ ክልወጥ ዝኽእል እዩ። እቲ IFSP ውላድኩም ኣገልግሎታት ንምርካብ ብቑዕ እንተኾይኑ ጥራይ ዝጸሓፍ እዩ።

**ኣፍልጦን መግለጺ ፍቓድን**

*መበእታዊ ፊደላት ስም ወላዲ*

**ቕዳሕ ናይ'ቲ መሰላተይ ከምኡ'ውን IDEA ክፍሊ C (Early Support for Infants and Toddlers program*፡ ስንክልና ናይ ዘለዎም ሰባት ትምህርቲ ሕጊ ክፍሊ C መስርሓዊ*

| |
|---|
| |

***ሓለዋታት [መሰላት ወለዲ]* ምስ'ዚ መዘኻኸሪ'ዚ በጺሑኒ ኣሎ።** እዚኦም መሰላትን መስርሓዊ ሓለዋታትን ንዓይ ዝተገለጹለይ እንትኾኑ ተረዲኢዮም'ውን ኣለኹ። ዝሃብኩዎ ፍቓድ ብወለንታይ ከም ዝኾነ ከምኡ'ውን ዋላ ነዚ ቅጥዒ ድሕሪ ምፍራመይ ኣብ ዝኾነ ግዜ፥ ውላደይ ንኽይግምገም ክመርጽ ከም ዝኽእል ይርደኣኒ እዩ። ነዚ ፍተሻን ገምጋምን ፍቓደይ ንዘይምሃብ እንተመሪጸ፥ ውላደይ ፍተሻ ኰነ ገምጋም ከም ዘይግበረሉን ኣብ መደብ ESIT ኣገልግሎታት ቅድመ-ምትእትታው ከም ዘይረክብን ይርደኣኒ እዩ።

| | |
|---|---|
| ❑ **እህብ እየ** ❑ **ኣይህብን እየ** እቲ መደብ ESIT ኣብ ላዕሊ ዝገለትጸ ንጥፈት(ታት) ንኽገብር ብመረዳእታ ዝተደገፈ ፍቓደይ | |
| **ብዓበይቲ ፊደላት ዝተጽሓፈ ስም ወላዲ(ወለዲ)** | |
| **ፌርማ ወላዲ(ወለዲ)** | **ዕለት** |
| **ናይ'ቲ ዝተቐበሎ ሰብ ስም/ማዕረግ/ኤጀንሲ** | **ዕለት** |

ዝተትሓሓዘ፥ Early Support for Infants and Toddlers*፡ ስንክልና ናይ ዘለዎም ሰባት ትምህርቲ ሕጊ (IDEA) ክፍሊ C መስርሓዊ ሓለዋታት [መሰላት ወለዲ]*
ኣስተብህሉ፥ *ወለዲ ናይ'ዚ ቅጥዒ ቕዳሕ ክበጽሖም ዘለዎ እንትኾነ ሓደ ዝተፈረመ ቕዳሕ ድማ ኣብ ናይ'ቲ ህጻን መዝገብ ቅድመ-ምትእትታው ክካተት ኣለዎ።*